# ቁሸት ሕጻናትን
# ውድድር ሓፈሻዊ ሃገራዊን ባህላውን ፍልጠት
# ኣብ ፌስቲቦቫል ኤርትራ ከተማ ጊስን

ኣዳራሽ ቁሸት ሕጻናት ፣ ደቅና ነጻ ኮይኖም ከም ልቦም ዝጻወትሉ ቦታ እዩ ። ስነጥበባዊ ኣቶ ተኽለ እስራኤል በቲ ንሕጻናት ዝማርኽን ሃገራዊ መልእኽቲ ሓዘል መደባቱ ከዘናግዖም ከሎ ፣ ኣለይቲ ሕጻናት ድማ ብተፈላለዩ ኣጋባባት ኣጻዊተንኦም። ቀዳም ዕለት 7.7.12 ድማ እቲ ማሕበረኮማት ምሉእ ዓመት  ኣብ በቦትኤን ኣብ ቋንቕዋ ኣደ ንዝነጥፉ ተመሃሮ ሓፈሻዊ ናይ ሃገራዊ ፍልጠት ዝወዳደርሉ መደብ ተኻየደ ። ብዝሒ ተሳትፎ ድማ ካብ ከተማ ማንሃይም 3 ጋናት ፣ ከተማ ከለን 2 ጋንታ ፣ ከተማ ሹፐታል ሓንቲ ጋንታ ሒዘን ቀረበን። ተመሃሮ ካብ እተመሃርዎ ኣርእስትታት ነብስ ወከፍ ጋንታ 5 ሕቶታት  ብምንጎናታት ዱፕሎም እንጅነራ ርግበ ገ/ትንሳኤን ኣቶ ተስፋሚካኤል መስመርን ዝቐረበሎም መሰረት ብድሕሪ ምምላስ ፦

ኣብ 1ይ ውድድር ፦ ከተማ  ማንሃይም  1ይቲ  ፣  ከተማ  ከለን  2ይቲ
ኣብ 2ይ ውድድር ፦ ከተማ  ከለን  1ይቲ ፣  ከተማ ማንሃይም  2ይቲ
ኣብ 3ይ ውድድር ፦ ከተማ  ማንሃይም  1ይቲ ፣  ከተማ  ሹፐርታል  2ይቲ

ተዓወትቲ ኮይነን እቲ መደብ ብዉዕዉዕ መንፈስ ተደምደመ ።
ሽማግለ ፌስቲቫል ንመደብ ሕጻናትን ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት ብቛንቋ ኣደን ኣብ መጻኢ ጊዜ ብዝሓሸ ኣገበብ ክካየድ ከምዘለዎ ኣብ ግምት ብምእታው ንዝምልከተን ማ/ኮማት ድማ ደገፈንን ተሳትፎአንን ንኽዕብዮ ደጊሙ ይሓትት።

ዓወት ንሓፋሽ
ዘለ ዘልኣለማዊ ክብሪ ንስውኣትና

ሽ/ፌስትቫል ኮሚቴ ቤት ትምህርቲ ቋንቋ ኣደን ሕጻናትን
ገነት ገብራይ